**<u>ደምዳሚ ኣዋጅ</u>**

**<u>ጉባኤ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ዞና ሰሜን ኣሜሪካ</u>**

ንመላእ ሰሜን ኣሜሪካ ዘጠቓለለ ቀዳማይ ዞባዊ ጉባኤ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ካብ 28 ክሳብ 29 መጋቢት 2009 ዓ.ም. ኣብ ከተማ ኢንዲያናፖሊስ ኣብ ትሕቲ ““ግሁድነት ግሉጽነት ተሐታትነት ኣሰራርሐና… መለለዪ ብቕዓትና” ዝብል ጭርሖ ብምኽያድ ብዓወት ተዛዚሙ።

ዞባዊ ጉባኤ ኣብ ፍሉይ ዝኾነ ክውንነት፣ ማለት ህዝብና ኣብ ታሪኽ ሂወቱ ርእይዎ ዘይፈልጥ፣ ካብቲ ቀደም ክፉእ ዝበሎ ዝኸፍኤ፣ መሪር ዝበሎ ዝመረረ፣ ንጨካን ኣረሜናዊ ምሕደራ ህግደፍን፣ ንሕሱም ናይ ጥሜት ኣደራዕን ኣብ ዝተሳጥሐሉ እዋን ምግባሩ ኢዩ። ሎሚ እታ ካብ ኣርዑት መግዛእቲ ተገላጊላ፣ ሰብኣዊ ክብሪን መሰልን ዝሕለወላ፣ ነጻን ዲሞክራስያዊን መንግስቲ ንምቛም ብጽምኢን ባህግን ዝተጸበየት ተቓላሲት ኤርትራ፣ ዓለም ብዓለሙ ዝሐዘነላ፣ ፍርቂ መዓልቲ ከሎ ጸላም ዝዓሰላ፣ ናይ ሐደ ጕሒላ ጉጅለ ሕዛእቲ ኮይና'ላ። እወ ልዑላውነት ናይ ሕጊ ብልዑላውነት ውልቀ መላኺ ዝተተካኣላ፣ ፍትሕን ርትዕን ዝብሃል ፍጹም ዝተሐረመላ፣ ካብ ኣብያተ ትምህርቲን ሕክምናን ቤት ማእሰርቲ ዝበዝሐላ፣ ንህዝባ ምድረ ሲኦል ኮይናቶ'ላ እንተተባህለ ቃል ኣጋንኖ ኣይኮነን። እቲ ተካእ ሃገር ዝተባህለ መንእሰይ ወለዶ'ውን እንተኾነ፣ ሃገሩ ኮፍ ዘይተብል ዝረሰነት መቕሎ ኮይናቶ፣ ፈቖዶ ሃገራት ብዘይልቡ ሃጽ ኢሉ ዝተዘርወ፣ ዘይፈልጦ ምድረ በዳ ሰሃራ ኣጻምእ ክስንጥቕ ዝበረሰ፣ ሐደገኛ ውቅያኖሳት ክሰግር ድራር ዓሳ ዝኾነን ገዝኡ ይቕጽሮ። መላኺ ጉጅለ ሐያል መሲሉ ንምጕብዕባዕ፣ ናቱ ሐዲጉ ናይ እንዳማቱ ውራይን ጉዳይን ከመሐድር፣ ኣብ ዘይምልከቶ ጣልቃ ብምእታው ክሕምስ፣ ንርግኣትን ቅሳነትን ዞባና ክዘርግ ከም ንቡር ስለዝወሰዶ፣ ብደረጃ ሃገራውን ዞባውን ኣህጉራውን መዳያት እንዳተቓልዔ'ዩ መጺኡ። ካብቲ ብጠቕሚ ድዩ ብገርሂ ኣሚኑዎ እንዳኣገልገሎ ዝመጸ'ውን እንተኾነ ዝያዳ እንዳተነጸለ ይመጽእ ምህላዉ ህሉው ኩነታት ብጭቡጥ ዝምስክሮ ኢዩ። ብመንጽሩ ንምልኪን ሰብኣዊ ግህሰትን ዝቃወም፣ ፖለቲካዊን ሲቪካዊን ውደባታት ካብ ዝሐለፈ እዋናት ብዝጸዓቐ ናብ ዝሰፍሐ ደረጃ መስርሕ ምስግጋሩ፣ ሐደ ካብቶም ንህዝብና ተስፋ ዝህብዎ ምልክታት ኢዩ። ነዚ ሃገራዊ ዓቕሚታት'ዚ ኣወሃሂድካ ንምጥርናፍን፣ ኣብ ልዕሊ መላኺ ጉጅለ ከአ ወሳኒ ዝኾነ ስጉምቲን ወስታ ናይ ምክያድን ከአ፣ ናይዚ ሰዓት'ዚ ብድሆ ነብሲ ወከፍ ኤርትራዊ ኢዩ።

ቀዳማይ ዞባዊ ጉባኤ ሰልፊና ነዚ ኩሉ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ሃለዋት ኤርትራን ህዝባን ኣብ ግምት ብምእታው'ዩ ተኻዪዱ። ጉባኤና ንሐደስቲ ኣባላት ሰልፊን ንኣባላት ተጋድሎ ሐርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ ነበርን ብምጥቕላል፣ ንሐድሽ ጉዕዞታቱ ብዘመናዊን ቅልጡፍን ዝኾነ ዝተወሃሃደ ኣሰራርሐ ብምቕያስ፣ ቃልሲታቱ ብምሕናን ናብ ዝለዓለ ጥርዚ ንምስግጋር

ንመጻኢ ዝግልገለሎም አገደስቲ ውሳኔታት አሕሊፉ። ካብቶም አገደስቲ ጉባኤ ዘተኮረሎም ጉዳያት በዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ክጠቓለል ይከአል።

1. ንመላኺ ስርዓት ካብ ስሩ ምሒኻ ንምልጋስን፣ ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ ዋናን ወናኒን ጉዳይ ሃገሩ ብምኳን፣ ሰብአዊ ክብሪን መሰልን እትሕሉ ምዕብልቲ ደሞክራያዊት ሃገር ንምህናጽ፣ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ሓንጺጽዎ ዘሎ ክሳዳዊ ስትራተጂ ብዝለዓለ ደረጃ  ንምሕያሉን ንምዕዋቱን አበርቲዑ ንኽቃለስ ወሲኑ።
2. ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ዝተለሞም ሃገራዊን ደሞክራስያውን መደባት ንምዕዋት፣ ጽፉፍ ፖለቲካዊ ውደባን ምውህሃድ ዘማእከሎ አሰራርሐን ብምትእትታው፣ ናይ ሰልፊና ቁጠባዊ ሰረታት ንምድንፋዕ ተወፋነቱ ብዝያዳ ንኽሓይል ወሲኑ።
3. ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ንጉዳይ መንእሰያትን ደቂ አንስትዮን ፍሉይን ዕዙዝን ጠመተን ብምግባር ብደረጃ ሰክረታርያ ሰልፊ ዝምራሕ ፍሉይ ቤት ጽሕፈት ምቛሙ አሞጕሱ። ብደረጃ ዞባ ንጉዳይ መንእሰያትን ደቂ አንስትዮን ንምዕዛዝ ዓቕሙ ዘፍቅዶ ኩሉ ዘድሊ ደገፍን ሓገዝን ንኽገብረሉ ወሲኑ። እዞም ንዝበዝሔ አካል ሕብረተሰብና ዘቑሙ ክልተ አካላት፣ንምዕቡል ለውጢ ሃገርን፣ ንግስጋሴ ናይ ሓደ ሕብረተሰብ አብ ምህናጽን ምቅልጣፍን ወሳኒ ተራ ስለዝጻወቱ፣ ንተራኦም ግደኦምን ዘበርክትሉ ገፊሕ አፍ ደገ ንምምድማድ ናይ ምብርባር መደባት ከካይድ ወሲኑ።
4. ብጉዳይ አብ መንጎ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን፣ ሰልፊ ደሞክራሲ ኤርትራን ዝሰላሰል ዘሎ ሓባራዊ ናይ ምውህሃድን ሓድነታዊ መስርሕን ዞባዊ ጉባኤ ምሉእ ድጋፉ ሂቡ። ብክልቲኡ ሸነኻት ዝተኻየደ ጻዕሪታትን ዝተጠርየ ሓባራዊ ዕግበትን ብምንአድ፣ መዛዘሚ ጉዕዞታቱ ከአ ብተግባር ንኽግሃድ ካብኡ ንዝጥለብ ከማልእ ቅሩብ ምኻኑ ወሲኑ። ምስ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ ይኹን ምስ ካልኦት ተመሳሳሊ ፖለቲካዊ መደባት ዕዮ ዘለዎም ሸነኻት'ውን እንተኾነ ቀጻሊ ጻዕርታት ክካየድን፣ አብ ፍጹም ሓድነት በጺሑ ዘተአማምን መድሕን ሃገርን ህዝብን ክኸውን ዘለዎ እምንቶ አረጋጊጹ። እቲ ቀንዲ ዓወት ዝብሃል ምዕዋት ሓባራዊ አተሓሳስባ (IDEAS) ድአ'ምበር፣ ዓወት ናይ ሰባት ወይ ውልቀ ውድባት ከምዘይኮነ አሚቱ።
5.  ንጉዳይ ሰላማዊን ደሞራስያዊን ስልቲ አቀላልሳ አልዒሉ ብምምይያጥ፣ ምስ ህሉው ናይ ዘመንና ክውንነት ዝሰማማዕ ብግቡእ እንተተሰሪሑሉ ከአ ዘዓውት አገባብ ምኻኑ መዚኑ። ይኹን እምበር እቲ ብዓመጽ ጥራሕ ኢኻ እትዕወት ዝብል ካብ ነዊሕ መዋእል አብ ስነአእምሮና ሰሪጹ ዝጸንሔ፣ ብቐሊሉ ንምትዕርራይ ስለዘጸግም፣ ሰላማዊን ደሞክራስያዊን ስልቲ ማለት ኢድካ ምሃብን ምምብርካኽን፣ ወይ ከአ ዘረባን ዘተን ምስ ጸላኢ ጥራሕ ጌርካ ምውሳድ ከምዘይኮነ፣ ብአንጻሩ ብዙሕ ጥንቁቕ ሜላን መስዋእቲን ዝሐትት፣ ንመሐውራት ምልኪ አለሊኻ ከምዝለምስ ምግባርን፣ ናብ ውሽጢ ሓፋሽን ትካላቱን ሰሊኹካ ብምውዳብ ህዝባዊ ናዕቢ አለዓዒልካ ናዕ አቢልካ ምድርባይን ምኻኑ ብዝተነጸረ ንኩሉ ወዲ ሃገር ብግቡእ መብርሂን አስተምህሮን እንዳሃብካ ንኽንጸረሉ አዘኻኺሩ።
6. ንመላኺ ስርዓት ካብ ስሩ አልጊስካ፣ ልዑላውነት ግዝአተ ሕጊ ዝሰፈና ምዕብልትን ሰላማዊትን ሃገር ንምህናጽን፣ አገልጋሊ ህዝቢ ዝኾነ ደሞክራስያዊ መንግስቲ ንምቛም፣ ንብዙሕነት ናይ ሕብረተሰብ ኤርትራ ዝቀባበልን ዝጣዓዓምን ባይታ ንምምድማድ፣ ናይ መላእ ተቓውሞ ሓይልታት ኩሉ ሓቆፍ ዝኾነ ጽላል ክህሉ ግድን ኢዩ። ነዚ እምንቶ'ዚ ምርኩስ ብምግባር ከአ ንኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን ምሉእ ደገፍና ብምሃብ፣ ብደረጃ ዞባ ብኹሉ ዓቕሚታቱ ንምሕያልን ምስ ኩሎም መሐዙት ዝኾኑ አባላት ውድባት ኪዳን ሓቢሩ ብምውህሃድ ከም ዝሰርሕ አረጋጊጹ።
7. አብ ሃገርናን ወሪዱ ዘሎ ናይ ቁጠባ ቅልውላውን ዓጸቦ ጥሜትን ንምድሓን፣ ምስ ህዝብና ዝደናገጻ መንግስታት ይኹና ናይ ግብረ ሰናይ ማሕበራት፣ ሕክምናዊ መዳያት ይኹን ናይ መግቢን ማተርያልን ዘይተቖጠበ ረድኤት ንኽገብራሉ ንጽውዕ። ይኹን እምበር ቁጽጽር ዘይብሉ ብሽም ረዳኤት ተባሂሉ ብቐጥታ ነቲ መላኺ ጉጅለ ዝውሃብ ጥረ ገንዘብ፣ ንናይ ጭቆናን ግፍዒን መሳርሒ ዝኾኑ ናይ ስለያን ቅንጸላን ጸጥታዊ ትካላቱ ዘውዕልን፣

መግዛእታዊ ዕድሜኡ ንምንዋሕ ዘገልግልን ብምኳኑን ነቲ ስርዓት ናይ ጥረ ገንዘብ ደገፍ ንኸይውሃቦ ብትሪ ኣማሕጺኑ።

8. ጉባኤ ንሐይልታት ምክልኻል ኤርትራ ፍሉይ ጸዋዒቱ ብምቕራብ፣ እቲ ብኹቱር ግፍዒ ዝርገጽ፣ ብማእሰርቲ ዝግፋዕ፣ እንዳተዘርወ ፋሕ ጭንግራሕ ኣትይዎ ዝስደድ ዝጠፍእ፣ ካብ ውሽጢ ስድራቤትካ ኣትሒዙ ክሳብ መላእ ህዝብኻ እንዳለሐመ ዘቃጽል፣ ንኹሉ ዘይምሕር ባርዕ፣ ብዓይንኻ ትርእዮ ብእዝንኻ'ውን ትሰምዖ ኣለኻ'ሞ፣ ሃየ ድኣ ደጊምስ ይኣክል ብምባል ኣብ ጐድኒ ሓፋሽ ህዝብኻ ደው በል። ካብ ብሓደ ጉጅለ ተመሊኽካ እንዳተሸቑረርካ እትረኽቦ ጉንያ፣ ካብ መላእ ህዝብኻ እትረኽቦ ሞሳን፣ መድሕን ህዝቡ ተባሂልካ እትረኽቦ ናይ ዘለኣለም ታሪኻዊ ነባሪ ስምን ክብርን ይሕሸካ ብማለት፣ ታሪኻዊ ፍሉይ ጸዋዒቱ ኣቕሪቡ።

ኣብ መደምደምታ ኣብ ጉባኤኡ ንዘጽደቖም ውሳኔታትን መደባት ዘተግብራ ንክልቲኡ ዞባታት ሰሜን ኣሜሪካ ዘማእከላ መሪሕነታት ብደሞክራስያዊ ኣገባብ መሪጹ። ሰልፌ ህዝቢ ኤርትራ ንኸዕውቶ ዝተበገሰ ሃገራዊን ህዝባውን ዓላማታት ክሳብ ዝዕወት ብትብዓት ቆሪጹ ክቃለስ ምኳኑ ብምግላጽ፣ ብናይ ምውህሃድን ሓድነትን ዝዓሰሎ መንፈስ ጉባኤኡ ብዓወት ዛዚሙ።

ነጻን ሓራን ግዝኣተ ሕጊ ዝሰፈና ደሞክራስያዊት ኤርትራ ክትህነጽ ኢያ!!!
ዘለኣለማዊ ክብርን ዝኽርን ንመላእ ስዉኣትና!!!